

# መልእኽቲ ፕሬዝዳንት መግስቲ ትግራይ
# ዶ/ር ደብረ ፅዮን ገ/ሚካኤል

ኣብቲ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት 'መሰል ርእሰ ውሳነና' ናብ ድርድር ክቐርብ ፍፁም ኣይንፈቅድን!

ከም ዝፍለጥ መሰል ርእሰ ውሳነና ኣፍልጦ ክረክብ ከም ህዝቢ ኣዝዮም ከበድትን ፈተንትን መስገደላት ሰጊርና፣ መላምል ቀያሕትን ፀለምትን ደቂ ህዝቢ ገቢርና፣ ብሓፈሻ ከም ህዝቢ ሰፍ ዘይብል ዋጋ ከፊልና ኢና።

ብምዃኑ'ውን እዚ ብመሪር ቃልስና ዝጨበጥናዮ 'መሰል ርእሰ ውሳነና' ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ናብ ዋጋ ዕዳጋ ክነቕርቦ ኣይንፈቅድን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኩሉ እንወስዶ መርገፂ፣ እነሰጉሞ ቅዋምን ማእኸሉ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ ኮይኑ፣ ካብኣቶም ሓደ መሰል ርእሰ ውሳነናን ዓርሰ ምሕደራናን ዝያዳ ንምዕሟቕን ንምስፍሕን ዓሊምና እነሰላስሎ መደብ እዩ።

ብቐፃሊ እውን ብመንፅር እዚ መትከል'ዚ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ምዃና ክስመረሉ ይግባእ።

ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ብዘረጋገፆ መሰል ተጠቒሙ፣ ናይ ማንም ፍቓድን ባርኾትን እንከይተፀበየ ብሪፈረንደሙ(Referendum) ኣቢሉ መፃኢ ዕድሉ ውሒሱን ኣብ ድልዱል ሰረት ንምህናፅ ዘኽእሉ ዕማማት ክሰራሕ እዩ።

እዚ ብቃልሱ ዘረጋገፆ መሰል'ዚ፣ ናይ ልኡላዊነቱ መረጋገፂ እውን እዩ።ኣብዚ መዳይ ዝኾነ ይኹን ሕርኽራኽ ክህሉ የብሉን።

ህዝቢ ትግራይ ተቓሊሱ መሰሉ ዘረጋገፀ እውን ባዕሉ እዩ፣ ብዛዕባ መፃኢ ዕድሉ ዝውስን እውን ባዕሉ እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ዘላቒን መሰረታዊን ረብሕኡ ኣለልዩ ዝፈልጥን ናይ ማንም ባርኾት ዘይደልን ህዝቢ 'ዩ ።

ትግራይ ትስዕር!

04 ሕዳር 2014 ዓ/ም.